# ሰላምን ርግኣትን ንልምዓት!

ከነረጋግጽ ሰላምን ርግኣትን የድልየና፡ ሰላምን ርግኣትን ሰሪሕና እንፈጥሮ ኩነት'ዩ፡ ብደገ ዝመጽእ ማና ኣይኮነን። ልምዓት'ውን ሰሪሕና እንፈጥሮ እዩ። ብሰፊሕ ሱታፌ ህዝቢ ዝረጋገጽ ድማ'ዩ። ስለዚ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ዘሎ ህዝብናን ኣብ ሕቝፉ ዝነብር ሓይልታት ምክልኻልናን ተወዲቡ ንልምዓት ክሽትት ኣለዎ።" እዚ ቃላት'ዚ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቃለ□መጠይቕ ካብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ እተወሰደ'ዩ። ብርግጽ ድማ፡ ሰላምን ርግኣትን ቅድመ-ኩነት ንልምዓት እዩ። ኤርትራ ዘተኣማምን ውሽጣዊ ሰላምን ርግኣትን ዝሰፈና ሃገር ትኹን'ምበር፡ ዘይርጉእ ኩነታት ዞባና፡ ቀጻሊ ግዳማዊ ሕንከራ፡ ዕብየትና ንምሕናቕ ዘንቀደ ነዊሕን ጽዑቕን ተጻብኦ፡ ንውሑስ ልምዓትን ዞባዊ ምትሕብባርን ዓንቃፊ ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ጎዶቦና ካብ ነውጺን ቅልውላውን ወጺኦ ናብ ዞባ ሰላም ልምዓትን ምትሕብባርን ንክቕየር ድማ፡ ኤርትራ ብሃናጺ ጽምዶን ልዑል ተወፋይነትን ክትምክት ጸኒሓ ኣላ። ከም ውጽኢቱ፡ ሓድግታት ሕሉፍ ጸገማት እናጽረኻ፡ ናብ ዝሓሸ ሃዋህው ንምስግጋር ዘኽእል ዕድላት ይርሖ ኣሎ።

ከምቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መልእኽቲ ሓድሽ ዓመት ዝገለጾ ከኣ፡ ኣብዚ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ መድረኽ፡ ማዕረ ማዕረ ዞባዊ ሰላም ንምድልዳል ዝሕተት ጻዕሪ፡ ልምዓታዊ ብድሆታትና እውን እናዓበየ ከምዝኸይድ ርዱእ እዩ። ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ ከምዘነጸሮ፡ ራእይና፡ ድሌት መላእ ህዝቢ ዘርዊን መነባብሮኡ ዘመሓይሽን ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ምዕሩይ ዝርግሐ ዘለዎ፡ ግላዊ ወፍሪን ተበግሶን ዘተባብዕ፡ በዚ መገዲ'ዚ ተመጣጣኒ ዕብየት ብምፍጣር፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘረጋጋጽ ቁጠባ ምህናጽ'ዩ። እዚ ዕላማ'ዚ ዝረጋገጽ ብቐንዱ ብሰፊሕ ሱታፌ ህዝቢ እዩ። ግደ መንግስቲ፡ ብቑዕ ትሕተ-ቅርጺን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ብምውዳድ፡ ንናይ ውሽጢን ወጻኢን ወፍሪን ቁጠባዊ ንጥፈትን ምቹእ ባይታ ምንጻፍ'ዩ። መንግስቲ ነዚ ሓላፍነት'ዚ ተሰኪሙ፡ ኣብ ምውዳድ ትሕተ ቅርጺን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን መበገሲ ዝኸውን መሰረት ኣብ ምንጻፍ ይርከብ። ርግጽ'ዩ ገና መሊእና ክንሰግሮ ዘለና ሕጽረታት ኣሎ። በቲ ዛጊት ተደሊቡ ዘሎ ዓቕሚ ግን፡ ዝጸንሐ ማሕለኻታት ከከም ቀዳምነቱ እናተፈትሐ ዝኸይድ ብምዃኑ፡ ወፍሪ ዜጋታት ምትብባዕ ግዜኡ እዩ። ኤርትራ ምስቲ ዘለዋ ዘተኣማምን ውሽጣዊ ሰላምን ርግኣትን ጻዕራም ህዝቢን ንልምዓት ዝተወፈየ መንግስቲን፡ "ንወፍሪ እተብሃግ ሃገር እያ" እንተተባህለ ልክዕ መግለጺኣ እዩ።

ዘለዋ ዕቑር ሃብቲ ኣመና ገዚፍ እዩ። ኣብ ዕደና፡ ሕርሻ፡ ሃብቲ እንስሳ፡ ኢንዱስትሪ፡ ቱሪዝም፡ ባሕርን ጸጋታቱን ወዘተ. ማእለያ ዘይብሉ ናይ ወፍሪ ዕድላት ዘለዋ ሃገር'ያ። ከባቢና፡ ኣዝዩ ስትራተጂያዊ ቦታ ናይ ዓለምና ብምኻኑ ድማ፡ ኣብ ጽላት ኣገልግሎታትን ንግዳዊ ንጥፈትን ዘሎ ናይ ወፍሪ ተኽእሎ ሰፊሕ እዩ። ብዙሕ ግዜ፡ ብሕታዊ ወፍሪ ክበሃል እንከሎ፡ ምስ ዓበይቲ ኩባንያታት ወጻኢ ጥራይ ኣተኣሳሲርካ ናይ ምርኣይ ዝምባለ ኣሎ። ናይ ወጻኢ ወፍሪን ሽርክነትን ኣድላይነቱ ዕዙዝ ኮይኑ፡ ካብኡ ንላዕሊ ግን፡ ብዕብየቱን ኣገዳስነቱን ምስ ዝኾነ ናይ ወጻኢ ወፍሪ ከተነጻጽሮ ዘይከኣል፡ ኣብ ህንጸት ሃገርን ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝብን ወሳኒ ተራ ዝጻወት፡ ውሑዳት ዘይብሕትዎ መላእ ህዝቢ ዝሳተፎ፡ ናይ ዜጋታት ወፍሪን ተበግሶን'ዩ። ንኣሽቱን ማእከላይን ወፍሪ ዜጋታት ተደሚሩ፡ ቁጠባ ሃገር ኣብ ምስሳን ዝህልዎ ግደ እቲ ዝዓበየ'ዩ። ግዳማዊ ወፍሪ ብኣድማዕነት ኣብ ረብሓ ሃገር ክውዕል እንተኾይኑ እውን፡ ንሓዋሩ መሻርኽቲ ናይ ውሽጢ ወፍሪ ዝኾነሉ ብቕዓት ክፍጠር ስለዘለዎ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ቁጠባ ውሽጣዊ ዓቕሚ ምምዕባልን ተበግሶታት ምብርባርን ምጉያይ ዘድልዮ መድረኻዊ ዕማም እዩ።

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ

29 መጋቢት 2023